# ብዓል ነጻነትን፣ መዓልቲ ስውኣትን ፣ ንምጽንባል ንመን ይምልከቶ ።

ኣብዛ ዓለምና ወዲ ሰብ ክውለድ እንከሎ ብእልልታን ሓጎስን ነቕበሎ ኢና ፡ ምስ ሞተ ክኣ እናበኸናን እናሓዘንናን ናብ ሓመዱ ነፋንዎ ። ካብታ መዓልቲ ቀብሪ ንድሓር ከኣ ወለድና እውን እንተኾኑ እታ ቦታ ቀብሪ ተመሊስና ብጽሒናያ እውን ኣይንፈልጥን ኢና ። ነዚ ባህርያት ጉዑዞና ዝቕይሮ ሐይሊ የለን ። ስለዚ እዛ ዓለምና ክነብራ እንኮሎና ኢና እነስተማቕራ ፡ ኮታ ጽቡቕን ሕማቕን እናተፋራረቑና እንከለዉንቡር ገርና ከከምዓቕምና ክነማሓድሮምን ጽዕር ። ኣብ ገለ እዋናት ግን ንሕና ከም ህዝቢ ዘይንቆጻጸሮ ሓይሊ ተፋጢሩ እንታይ ከም ንበልዕን እንታይ ከምነ ሓስብን ክውስነልና እንከሎ፡ ብዝተሓተ ደረጃ ክንቓወም ንጅምር ። በዚ ምኽንያት እዚ ከኣ ማስዋእቲ ክንከፍል ንግደድ ። ስለዚ እቶም ብሞት ዝሓለፉ ወለድን ውሉዳትን ተጋደልቲ፡ ከ ከም ኣማውትኦም በቲ ዝፈጸምዎ ስርሓት ክንዝክሮምን ክነክብሮምን እንከሎና ፡ ነቲ ንቡር ከሊኡና ዘሎ ዓሚጺ ጉጅለ ደስ ከይብሎ፡ መዓልቲ ነጻነትና ኣጸልሚቱና ክንሕልፎ ዝግባእ ኣይነበረን ኣይኮነን እውን ። ከበሮ ክድሰቕን እምብልታ ክፋጽን ህዝብና ክድሰት ይግባእ ። ምኽንያቱ ከምደማ ፍትሒን ህግደፍ ኣብ ክንዲ ነጻ ብበሉ ወይ ንሻረኾ፡ ብገፊሑ ማዕጾ ክፊትና ተዋዳዳሪ ዘይብሉ ክዕንድረሉ ገዲፍናዮ ። መንእሰይ ከኣ”ልቡ ኣብ ደረቱ” ከምዝብሉዎ ጓይላይ ማስተን ሳዕሲዒት ኣጨንዩ እዩ ዝፈልጠን ። ብዝኾነ እዚ ብዓል ነጻነት ስለዝኾነ ፡ እቲ መንእሰይ ብብዝሒ ክጽንብሎ ምርኣይ ዝሕጉስ እምበር ዝሕዝን ኽክውን ኣይክብኣን ። ሕጂ እውን ከም ደማ ፍትሒ፤ ህግደፍ ዓሚጺ ስለ ዝኾነ ፡ ንህዝብና እውን ይብድል ኣሎ እሞ፡ ነጻነት ብምሕሳምን ወይ መዓልቲ ስውኣት ብምኽሓድ ዘይኮነስ ፣ እዚ ዝኣክል መንእሰይ ምስታፉ ጠንቁ እውን ምምርማር ክህሉወና ይግባእ ። እትን ክንሜራሚረለን ዘሎና ጉዳያት ከኣ ፡ ብሓቂ እዚ ዝኣክል መንእሰይ ክሳተፍ እንከሎ፡ ፍቕሪ ሃገር /ነጻነት ፤ ዲዩ ወይስ ፍቕሪ ህግደፍ /ፖለቲካ ፣ ወይ ከኣ ፍቕሪ ጓይላ/ ባህላዊ ሳሲዒት፣ ወይ ከኣ ዘይግሩዝ ኮብላሊ ፖለቲካ ድማ ፍትሒ፡ ወዘተ ኣምጺኡዎም ኢልና ክንመሃረሉ ኣሎና ።

እንተኾነ በዚ ይኩን በቲ እዚ ናይ ማብል 32 ዓመት ነጻነት ኤርትራ በዓል ጎሊሁ ዘርኣዮ እንተሎ ኤርትራዊ ሃገርነት እዩ ። ብዓል ነጻነት ሃገር ፡ ናይ ህዝቢ እምበር ናይ ህግደፍ በዓለ ኣይኮነን ። ህግደፍ ሎሚ ኣሎ ፡ ጽባሕ ግን ከምቶምቅድሚኡ ዝሓለፈ ፋሽሽታውያን ገዛእቲ ክሓልፍ እዩ ። ኤርትራዊ ሃገርነት ንምፍራስ ኣብዘን ዝሓለፈ 2 ዓመታት ዘይተኣደነ ወፍሪ ከምእተካየደሉ ዘይሰምዔ እንተሎ ኣብ ካሊእ ዓለም ዝነብር ክኸውን ኣሎዎ ። እዘም ኣንጻር ኤርትራዊ ሃገርነት ዝተዋፈሩ ሓይልታት ፡ ኣስማቶም ምጥቃስ እኳ እንተ ዘየድለየና ኣብ ሚድያ ብዘሎዎምዕድላት ፡ ኤርትራ ጣልያን ፈጢሩዋ ፡ ኤርትራውነት ካንሰር እዩ ፡ ክጠፍእ ዘሎዎ እዩ ፡ ምስ TDF እስትራተጂካዊ ምሕዝነት ክንፈጥር ኢና ፡ ካብ ኣራት ኪሎ ክሳብ ዓዲ ሃሎ፡ ንኤርትራዊ መንእሰይ ትግራዋይ እካ ኢልካ ምድንጋር

፡ TDF እንተ ወሪሩና ብፍጹም ልዑላውነትና ተደፊሩ ኣይንብለን ። ንሰራዊት ኤርትራ ዕሱብን ኣራዊትን ክብሉ እንከሎው፡ ኣብታ ኤርትራ ትብሃል ሃገር ምስ ሙን ክተርፉ ከም ዝደልዩ እውን ይሕርብተካ ።ብመንግስቲ ኢትዮጵያ ተዓዲሙ ዝኣተወ ሰራዊት እዩ ፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ ልዑላውነተይ ተደፊረ ክብል ዝግብኦ ፡ ኣብ ክንድኡ ሰራዊት ሃገሮም ክጸርፉ ዝውዕሉ፡ ሓንቲ ኦርቶዶክሳዊት ዝኾነት ናይ ተዛረብቲ ትግርኛ ሃገር ክፈጥሩ ዝሓልሙ፡ ኣብ ክንዲ ብሃገር ደረጃ ዝውደቡ ብኣውራጃ ፡ ንእተሰውኡ ተጋደልቲ ክብርን ሞጎስን ዘይብሎም። ንስውእ ሓምድ ኢድሪስ ዓዋተ ምንባሩን ዘይምንባሩን ኣይንፈልጥን ዝብሉ፡ ንመዓልቲ ነጻነት መዓልቲ ባርነት ዝብሉ እዮም።

እምበኣር ብስንኪ እዞም ኣብ ላዕሊ ጠቂሰዮም ዘሎኹ ሰልፈታትን ውድባት ምንቅስቓሳትን ዩቱበራትን ሚደበራት ቲቪን ዘከየድዎ ቀጻሊ ወፍሪ ኣንጻር ልዑላውነት ህዝብን ሃገር ኤርትራ ፡ ህግደፍ ቅድሚ ሕጂ ዘይነበሮ ዕድል ተከፊቱሉ ። ብርክት ዝብሉ ዩቱበራት ኣዋፊሩ ይነጥፍ ኣሎ። ምክንያቱ እዞምኣብ ላዕሊ ዝጠቀስኹዎም ሓይልታት ንህግደፍ ኣብቲ ንሱ ዝውንኖ ስቡሕ ዝኾነ ባይታ ሃገረነትን ማንነትን ንክዋሳእ ስለ ዝዓደምዎ እምበር ፡ ህግደፍ ነቶም ብዛዕባ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዕላታዊ መ ባብሮኡ ዘሕልፎ ዘሎ ዘይንቡር ህወት ሞትን ሕሰምን መከራን ዝጽሕፉን ዝገልጹን ዩቱበራት ክዛረብ ሞራላዊ ሕልና የብሉን ።

ኣብ መወዳእታ፡

ሃገራውያን ፖሊቲካውያን ሓይልታት ኤርትራ ብምዕዝምዛም ዘይኾነ መተኻእታ(Alternetive) ሒዞም ክቀርቡ ይግባእ ። መዓልቲ ነጻነትን መዓልቲ ስውኣት ክልተ በዓትታት ህግደፍ ዝሕብኣለን ስለ ዝኾና ፡ ሃፖሓኤ ብናተን ትሕዝቶን ዓቅምን ነዚ ክልተ ብዓላት ዝኾውን ንህዝብን መንእሰያትን ዝምጥን መደብ ክሰርዓ ኣሎወን ። በዚ ኣገባብ እዚ ከኣ ነቲ ህዝብን መንእሰይን ምርጫ ይህሉዎ ። ንዝኮነ ህዝቢ ፖለቲካዊ ፕሮግራምካ ኣእሚንካ ወገንካ ክትገብሮ ምርብርራብ ክትገብር ኣሎካ ። እምበር ህዝቢ ምስሜዕ ኣብዩኒ ኢልካ ፡ ኣብ ዓዲ ፍትሒ ብዳርባ እምኒ ፖለቲካዊ ዓወት ክተመዝግብ ምፍታን ፡ ጽባሕ እውን ኣብታ ድሕሪ ህግደፍ ትህነጽ ሃገር ፡ ድልየትካ እንተ ዘይተማላኤልካ ዓመጽ ካብ ምዝውታር ዝዓግተካ ነገር ክህሉ ኣይኾነን።

ነጻነትና ተከቢሩ ይምበር ፣ ዘለዓለማዊ ዕርፍቲ ንስውኣትና

**ክብሮምግረነት**

6/19/23